# ኣብዚኣ እሞ?
# እስከ ናብታ ሓቀኛ ኤርትራ ክዛውረኩም፡

ብዙሓት ሰባት ኣብ ቲሕቲ መሬት ዘላ ሓቂ ቦንቂረ ክውጻኣ እየ ይብሉ፡ ኣነ ምስዞም ሰባት ኣይሰማማዕን እየ፡ ምክንያቱ ሓቂ ኣብ ቅድሚና ኮፍ ኢላ እያ ዘላ፡ እንተኮነ ሰባት ኣብታ ከም ሽምዓ ትበርህ ሓቂ ኣገላልጸኦም ኣባሃህለኦም ኣጠማምቶኦም ይፈላለ ኣሎ፡ ሰለምንታይ እዩ ዝፈላለ ንዝብል ሕቶ ግን ናይዚ ጽሑፈይ ቀንዲ ሕመረት ክኸውን እዩ።

ኤርትራ ብዙሕ ብደሆታት የጋጥማ ኣሎ።ኤርትራ ናይ ብደሆታትን ፈተነ፡ ቤት ዕዮ ተቀይራ ኣላ።ኩሉ ኣንጻር ኤርትራን መንግስታን ህዝባን ዝምክት ዘሎ ነቲ ሓቂ ሓቂ ኣይኮነን እናበለ እዩ።ማሕበራዊ ኣቃውማ ኤርትራ ንክትበታተን ዝዕድም ኣቃውማ እዩ ኔርዋ። ማለት ብሄር፡ ኣውራጃ፡ ዝተፈላለየ ሃይማኖት ወ.ዘ.ተ እዚ ሓደገኛ ዝኮነ ኣቃውማ ኣብ ነዊሕ ቃልስን ፖሎቲካዊ መሰርሕን ኩሉ ኤርትራ ጥራይ ዝብል ሰም ሒዙ ሓደ ዱልዱል ሃገራዊ ዓቅሚ ኣጥርዩ ኣሎ።እዚ ዓቅሚ ዚ ኣብ ኤርትራ ዓበይቲ ሓቅታት ይፈጥር ኣሎ፡ ሓቂ ንማሕበራዊ ፍትሒ፡ ሓቂ ንጎደና ብልጽግናን ሓድነትን፡ ሓቂ ንልዕላውነት ሃገር ኣብዞም ዝተጠቅሱ ዝስርሑ ዘሎዎ ተኣምራት ዘይርበሖም ሓይልታት ደቂባት ይኩኑ ካለኦት ሃገራት ተጻበኦታት ክፈጥሩ ይራኣዩ ኣሎዎ።ዘግርም እዩ ዕላሎም ክደግመልኩም ቀባሪ ሓቂ ዝኮነ ዕላልን ዓጀውጀውን፡

# ሳዋ መቃብር መንእሰያት

ኣነ ንሳዋ ብዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት ተዛዊረ ኔረ፡ ሳዋ ናብ ሓንቲ ንእሽተይ መዲና ተቀይራ ኣላ፡ ተማሃሮ ብብዓውዶም ክማሃሩን ከጽንዑን ኣብ ዝማዕበለ ላቫራቶሪ ክማራመሩን ኣብ ብቁዕ ቤተ/መጽሓፍቲ ከንብቡን ትዕዘብ ብብቅዓትን ጽፈትን ትምህርቶም ክዛዝሙን ሞያ ከጥርዩ ትዕዘብ እዞም ተማሃሮ ኣማኢት ኣይኮኑን ኣሻሓት እዮም ኩሉ ወጻኢታት መንግስቲ ይሽፍኖ ንዓመት መመላእታ ከመይ ጌራ እዛ ሳዋ ኣደ ፍልጠትን ሞያን መቃብር መንእሰያት ትኸውን።ኣበየናይ ዓለም ኣሎ ዋላ ውን ኣብተን ዝማዕበላ ሃገራት 100% ወጻኢ ብመንግስቲ ተሸፊኑ ዝማሃር ተማሃራይ፣እተን 3 ወርሒ ዝማሃርዎን ወተሃደራዊ ትምህርቲ የዛርባ ኣሎዋ እንተኮይኑን ድማ መንእሰያትና ሃገራዊ ኣገልግሎት ገይሮም ንኩሉ ኣንጻር ሃገር ህዝባን ክመጽእ ዝክእል እንተታት ቅሩባት ምግባሮም ድሕነት ሃገር እዩ ንድሕነት ሃገር ቅሩብ ምኳን ነውሪ ኣይኮነን ነውራማት እቶም ነዛ ኣደ ፍልጠትን ጽንዓትን ዝኮነት ሳዋ ዘይስማ ዝህቡ እዮም።እዞም ብብቕዓትን ሃገራውነት ተመልሚሎም ዘሎው መንእሰያት እንተዘይፈርዩ ኔሮም ዳኣ እቶም ሕጂ ካብ ኣብ ኤንተርኔት ምጽሓፍን ኣብ ፓልቶክ ምልፍላፍን ዘይተሓልፉ ዘሎኩም ከደዓት ንኤርትራን ሓድነታን ክትፍንጥሕዋ ባይታ ምረከብኩም።ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ምቅያርን ለውጥን መንእሰይ ወሳኒ ተራ ሰለዘሎዎ፡ መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ዕቁር ሓይሊ ብኣካዳማውን ሃገራዊ ብቅዓት ሰለዘመልመሎ፡ ኣብዚ ምምልማል ዚ ድማ ሳዋ ዓቢ

ተራ ተጻወት ስለዘላ ነዛ ኣፍራይት ዝኮነት መደበር ትምህርቲ ኣንጻራ ጓስጎስ ክትግብሩ ኣይገርመናን፡ ግን እታ ሓቂ ትሕቲ መሬት ዘይኮነት ልዕሊ መሬት ስለዘላ።

## እዚ መንግስቲ ነዛ ሃገር የጥፉኣ ኣሎ።።

እዛ ጸለመ ተግርም ጸለመ እያ፡ ምክንያቱ ኣብ ሞንጎ ምጥፋእን ምህላውን ዘሎ ኣምር ስለተደናግር።

ዝገርመኩም ቅድሚ ገለ ኣዋርሕ ናቕፋን ከባቢኣን ተዛዊረ ኔረ፡ ናቕፋ ከም ትፈልጥዋ፡ ናይ ኩናት ዕርድ ዝነበረት 100% ዝዓነወት ከተማ እያ ኔራ።እዛ ዝዓነወት ከተማ ከም ሓንቲ ከተማ ተሃኒጻ ደው ምባላ ናይ 20 ዓመት ታሪኽ ዘኮነሰ ናይ 100 ዓመት ታሪኽ ዘሎዋ እያ ትመስል።እዚ ጥራይ ኣይኮነን እቲ ኣገራሚ ኣብ ውሽጢ ህዝባ ዘሎ ደረጃ ንቅሓትን ፍልጠትን የግርመካ።ሓደ ዘግርም ክዕልለኩም ኣብ ናቕፋ ዝቅመጥ ህዝቢ ብሄረ ትግረ እዩ።ክሳብ መባእታ ደረጃ ትምህርት ድማ ብቋንቋ ኣደ ይማሃሩ።እቶም ካብ ካለኣት ብሄራት ብስራሕን ብምቅማጥን ኣብኡ ዝነብሩ ኤርትራውያን ድማ መባእታ ትምህርቲ ብቋንቋ ትግረ ሰለዝማሃሩ መን እዩ ብሄረ ትግረ ወይ ትግርኛ ሳሆ ወ.ዘ.ተ ክትርዶኦ ይጸግመካ ኩሎም ብቋንቋ ትግረ ይዛረቡን ይምድሩን።ከምዚ ዝኣመሰለ ባህላዊ ውህደት ሓድነትን ኣበይ ተፈጢሩ።ኣብታ ፍጹም ዓንያ ዝነበረት ሃገር ተሃኒጹ ዘሎ ቤተ/መድሃኒት ቤት ንባብ መደበር ጥዕና ካለኣት ኣገልግሎታት ክትሪኢ እንክሎካ ናብ ሩሑቅ ትእምት ንድሕሪትን ንቅድሚትን እቶም ሳላ ዛ ሕመረት ደጅና ዝኮነት ናቕፋ ጸኒዖም ዝተሰውኡ ሓርበኛታት ንድሕሪት ተመሊስካ ትዝክሮም፡ንቅድሚት ድማ እቶም ሓርበኛታት ተጋደልቲ ኣብ ኀዳጉዲ ኮይኖም ዝኣተውዎ መብጽዓ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ግብሪ ክትሪኦ እንኮሎካ ሓበን ይሰማዓካ፡ እዚ ኣብ ሩሑቅ ከባቢ ዝተረከበ ዕድላት ሓደ ካብ ዕላማታት ማሕበራዊ ፍትሒ እዩ።እዚ ኣብነት ካብ ብዙሕ ፍጻሚታት ሓደ መረዳእታ ኮይኑ።እታ ብስንኪ መግዛእቲ ዓንያ ዝነበረት ሃገርና ኣብዚ እዋን ዚ ኣብ ኩሉ ጽላት ማለት ኣብ ሕርሻ፡ ምዕዳን፡ ቱሪዚም፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ወ.ዘ.ተ ተራእዩ ዘሎ ምዕባሌ ቀሊል ከምዘይኮነ ኩሉ ዝርደኦ ሓቂ እዩ።ከመይ ኢሉ ዳኣ እዚ መንግስቲ ዚ ሃገር ዘጥፍእ ዘሎ።ሓደ መስሓቅ ዕላል ዓጀውጀው ክዕልለኩም፡ ኣብ ኤርትራ ዝካየድ ዘሎ ምዕባሌ ንኩሉ ስውር ስለዘይኮነ ተጻባእትን ከደዓትን ከምዚ ኢሎም የባጭው።። ' (እንታይ እሞ ጽርግያ ሰርሒ፡ ኣብ ገረሰት ሕርሻ፡ ሆስፒታል ጌረ ትምህርቲ ጌረ እንታይ ይጠቅም ዲሞክራሲ ዘይብሉ ሃገር) ይብሉ። እዚ ዝገርም ዘረባ እዩ እቶም ኣንጻራትና ዝብልዎ ዲሞክራሲ ፕረዜዴንታዊ ምርጫ እንድዩ።እዚ ካብ ኮነ ኣተሓሳስቦኦም ኣብ ሓንቲ ትሕተ ቅርጺ ዘይብላ ሃገር ኣብ ትሕቲ ውሕስነት መግብን ጥዕናን ትምህርትን ዘይብላ ሃገር ኣብ ሳናዱቕ ናይ ምርጫ ወረቃቅቲ ክትእቱ ምውዓል እንተኮነ ኣተሓሳስቦኦም ኤርትራን መርሕነታን ህዝባን ኣይስማምዕሉን እዮም።እቲ ዘሎ ግንባርን መንግስትን ምስ ህዝቡ ኮይኑ እቲ ሃገር ከብለና ዝክእል ሮቋሒታት ከይማላእና ውሑስን ቀጻልነት ዘሎዋ ኤርትራ ክይመሰረትና ናብ ወረቃቅቲ ፍልስፍና ምዕራብ ገጽና ዘብለና ምክንያት የለን።ጻላኢና ናብ ምዕራብ ይኺድ____.......

# እዚ ሰብኣይ ዚ ሃገር ከጥፋኣ እዩ።

እዚ ሰብኣይ ዚ ማለት ፕ/ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኮይኑ፡ ብጸላእትን ተጻባእትን ዝተዋህበ ናይ ፈራሓት ኣጸዋዋዓ እዩ።

ፕ/ኢሰያስ ሓደ ካብቶም ኣሻሓት ጀጋኑ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነት ብበሊሕ መላጸ ሓሊፉ ብተወፋይነቱን ብቅዓቱን ኣብርክቱኡን ዝተመስከረሉ መራሒ እዩ።እዚ ኣባሃህላ ዚ ንፕ/ኢሰያስ ኣፈወርቂ ንምውቃዕ ጥራይ ዘይኮነስ ነቲ ቅኑዕ ራኣይና ዝመርሐ ዘሎ ፖሎቲካዊ መርሕነት ኣልሚስካ ንኤርትራ ንምብትታን ዝውሰድ ዘሎ ስጉምቲ እዩ።እዚ ዝብልዎ ዘሎው ሰብኣይ ብሓቂ ሰብኣይ እዩ ግን ሃገር ኣይጠፈኣን ሓደ ካብቶም ኣሻሓት ሓርበኛታት ሃገር ዘድሓነ ሃገር መራሒ እዩ።ሓደ ምስላ ኣሎ ሕማቕ ሲ ንኣባጅኻ ይራገም ይባሃል።እዞም ኣብ ታሪኽ ዝነደዩ ገለ ድማ ብናይ መንነት ቅልውላው ዝዓሰው ገለ ድማ ብገበን ዝከሰሱ ዝተኣካከብሉ ወያነ እተሳስኖ ማኣዲ ዝዓሰሉ፡ ኣብ ሓደ እዋን ንያኦም ጥራይ ዘይኮነሰ ልክዕ ክም ክድዓት 40ታት ንደቆም ከይተረፈ ዝሕፍር ክሕደት ሃገር እናተባሃለ ወለዶታት ክዝክሮ ክነብር እዩ። እንተ እቲ ሰብኣይ በታ ኣብ ዓላን ተኸልን ዘኣተወን ቃል ይቅጽል ኣሎ ታሪኹ ድማ ኣብ መዝገብ ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትን ምህናጽ ሃገርን ልኡል ተራ ክህልዎ እዩ።ኩሎም መራሕትና ድማ ብሓንሳብ ዘጥረይዎ ክቡር ክብርታት ሰለዘሎዎም ሓደ ኢሰያስ ወይ ሓደ ሰብኣይ ጥራይ ዘይኮነሰ ኣሻሓት ኢሰያስ ስለዘሎውና ድሕሪ ሕጂ ኣብ ክንዲ እዚ ሰብኣይ ዚ ትብሉ እዞም ሰብኡት ተበልኩም ይሕሸኩም።

# መንግስቲ ኤርትራ ንስድራቤት ስውኣት ረሲዒዎም

ወይ ጉድ ብቀዳምነት እቶም ነዚ ዘረባ ኣብ ኤንተርኔትን ፓልቶክን ዝፍንዎ ኣብ ምሉእ ስድራቤታቶም ኣሸንኮይ ስውእ ዝተጋደለ ዘይብሎም ምኳኖም ይሕዝነካ።ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ንስውኣትን ስንኩላትን ዝሓሊ መን እዩ።ኣብ ኤርትራ ክንደይ ስውኣት ኣሎውና ኩልና ስለእንፈልጠ ምድጋሙ ኣይድልን ናይ ነፍሲ ወከፍ ስድራቤት ስውኣት ወርሓዊ 500 ናቕፋ ምሃብ ኣይግርመኩምን ክንደይ ስድራቤታት ኣሎው።እዚ ሚልዮናት ኣብ ወርሒ ዝዋሃብ ገንዘብ ኤርትራ ካበይ ተምጽኦ ኣላ ኢልኩም ክትሳቀዩን ክትሓስቡን እዩ ኔርኩም።ገና ኣብ ድክነትና እንክሎና እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቅሰ ሓገዝ ካብ ተገብረ ኣብ ዝራሃወና ነዞም ስድራቤት ጀጋኑ ኩሉ ክግበር ዝግበኦ ክግበር ክግበር እዩ።እስከ ነቶም ልዕሊ ህ.ግ ኮይኖም ዓጀውጅው ዝብሉ ሓደ ዕላል ክዕልሎም።

ዓሚ ሓምለ ኤርትራ ኣብ ዝኸድኩሉ እዋን ናብ ሳሓርቲ ኤምበይቶ ዝበሃል ዓዲ ተጓሒዘ ምኽንያቱ ኣብቲ ዓዲ ንሓደ ስድራ ስውእ ስለዝሕግዝ ኢጋጣሚ ኮይኑ ከማይ ስድራቤት ስውኣት ዝሕግዙ ካብ ሽወደን ዝመጹ ኣብኡ ተራኺብና። ምስቶም ንሕግዞም ስድራቤት ስውኣት ድማ ተራኺብና።እቶም ስድራቤት ስውኣት ብመሰዋእቲ ደቆም ሕቡናት ምኳኖም ይዛረቡ ሰብ ሞራልን ተስፋን እዮም ኤርትራ ሳላ ደቆም ከምዝዓንበበትን ከምዝጠጠዐት ይገልጹ ልዕሊ ኩሉ ድማ መንግስትና ዝገብሮ ዘሎ ሓገዝን ምድግጋፍን የምስግኑ፡ ሳላ መንግስቲ ኤርትራ ድማ ናብሮኦም ይመርሑ ከምዘሎው ገሊጸሙልና ነቲ ንሕና እንህቦም ተወሳኪ

ሓገዝ ድማ ብሓበንን ሓጎስን ከምዝጥምትዎን ከም መተካእታ ስውኣት ደቆም ከምዝጥምቱና ገሊጸሙልና።ኣንቱም ብስድራቤት ስውኣት ትዛረቡን ትሽቁጡን ልዕሊ ቶም ኣምላኮምን መንግስቶምን ህዝቦምን ዝምስጉኑ ስድራቤት ስውኣት ትሽቅጡ ዓገብ ጥራይ ኢና ንብለኩም ሕመቅኩም ክትገልጹ ደሊኩም ዳኣምበር ዋላ ሓንቲ ሳንቲም ንስድራቤት ስውኣት ሓጊዝኩም ዘይትፈልጡ ዊስኪን ቤራን እናገማዳሕኩም ትስትዩ ብዛዕባ ስድራቤት ስውኣት ክትዛረቡ መሰል የብልኩምን።

## <u>እገዳ እናተረረት ትኸይድ ኣላ መንግስቲ ኤርትራ ኢዱ ክህብ እዩ</u>

ወይ ስንበት ሰናብቲ ኣድብዮም ጸኒሖም ተጋደልቲ ይብሉ ኒሮም ተጋደልቲ ኣብ 1977፡ ሕጂ ድማ ክንደይ ፈተነታት ብደሆታት ዘይሓለፍና።እቲ ዝገርመካ እቲ ስለምንታይ ኤርትራ ክትእገድ ከላ ዝሕጎሱ፡እዚ ኣብ መንነቶም ዘጣራጥረካ ጉዳይ እዩ።ካልእ ዘተሓሳስበካ ጉዳይ ውን ኣሎ። እዞም ሰባት እዚኣቶም ኣብ መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ሓጎሶም ዘይገለጹ፡ ኣብ እዋን ረፍረንዱም ድምጾም ዘይሃቡ ኣብ እዋን ምጽዳቅ ቅዋም ዝተቃወሙን ድምጾሙን ሪኢቶኦም ዘይስምዑ ኣብ እዋን ወራር ወያነ ምስ ጸላኢ ዝተሓጋገዙ፡ ኣብ ልምዓት ሃገር እጃሞም ዘይበርከቱ ኣብ ምሕጋዝ ስድራቤት ስውኣትን ስንኩላን እጃሞም ዘይበርከቱ ከመይ ጌሮም ሃገራውያን ክኮኑ፡ሰለዚ እዛ ትእገድ ዘላ ሃገር ስለዘይትብጽሖም እንተተሓጎሱ ኣይገርመናን ግን ድማ ንሕና ኤርትራውያን እናበሉ ክዛረቡ የብሎምን ንሕና ወየናውያን እንተበሉ ይሕሾም።እስከ እንተተሰቆሮም ግጥሚ ገይረ ከቀድሶም።

ክንዳና ኮይኖም ዝቅይሱ
ክዳኖም ክንክደን ኢንታ ዝህንድሱ
እንታይ ክገብረልና ክዳኖም
ሕጽቦ ዘይሓለፎ ምስ ኩሉ ደገሎም

ይመስሉ ወራዙት ብህዝቢ ዝግደሱ
ኣብ ሕቡር ማኣዲ ደም ዘፋስሱ
ካልእ እናምሰሉ ንዜና ዝደርሱ
ልዕሊ መሬት ኣጽኒቶም ጸጋታት ዝግደሱ

ጭርናዕ ኮይኖማ ነዛ ዓለም
ኩሉ ክጽሕፍ ብናቶም ቀለም
ድርቂ ክንመርጽ ገዲፍና ለምለም
በቃ ኩሉ ገዲፍና ብናቶም ቅመም

ሪመይ ግን ኣብያ ምሕዛል
እንታይ ዝከውን ምሕዛል እናካኣለት ምዝላል
እንታይ ዝከውን ምልማን ከሎ ምዕዳን
እንታይ ዝከውን ምንብርካክ ከሎ ልምዓት
ክምህሩና ደልዮም ኣባላዓ ጋዓት

ብርሃን እንከሎና ጸልማት ጎልቢቦም

ሓቒ እንከሎና ገለ ኣሳቢቦም
እገዳ እንተበሉ ዑሱባት ሓንጊሮም
ዓደይ ግን ኣላ ንኩሉ ትጻወር
ህዝባ ሓቒፋ ባዕላ ትድረር

እቶም ኤርትራ ተኣጊዳ ክይዳ ወዲቃ ዝብሉ ገለ ብዛዕባ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ይፈልጡ ዶ ይኮኑ፣ 6ይ ወራር ኣብ ልዕሊ ስውራ ኤርትራ ክኻየድ ከሎ እገዳ 100% እዩ ኔሩ። እቲ እገዳ ምስ 120 ሽሕ ስራዊት ዝተራቀቀ ኣጽዋርን ምስ ኩሉ ከበባታት መን ተዓዊቱ? ናይ ዚ ሕቶ መልሲ ብሩህ እዩ። ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ብዙሓት ክጥቀሱ ዝክእሉ እገዳታት ተካይዶም እዮም ግን ህዝቢ ኤርትራ ኣይተንበርከኸን።ወዮ ዝተንበርከኩ ምስ ወያነን ኣሕሉቅ ወያነን ኮይኖም ንህዝቢ ኤርትራ ተንበርከክ ይብልዎ ኣሎው።

ኣንቱም እዞም ምስ ጸላእቲ ኮይንኩም እገዳ መጸት ከምዚ ኮነት ኢልኩም መሰመር ክድዓት ትክተሉ ዘሎኩም ምስ ኣረግኩም ምሕብኢ ክትስእኑን ከም ዘበነ ኣርባዓታት ብክድዓት መጽሓፍቲ ክድረሰልኩም እዩ።እንተ ህዝቢ ኤርትራ ንኩሉ ፈተነታት ሓሊፉ ኣብ ሓዊ ተሳሒሉ ከም ወርቂ ቪሻ ውልዕ ውልዕ ክብል እዩ።

## <u>መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ደገ ንዝቅመጥ ዘሎ ህዝቢ ብሓይሊ 2% ተኽፍል ኣላ</u>

እቲ ዝገርመኩም እታ ነዛ ዘረባ ዘንበድብድዋ ወያነን እቶም 2% ከፌሎም ዘይፈልጡ ዕዳ ዝበዝሖም እዮም።ካብ ሂወትካ ንመሰዋእቲ በጃ ምኳን ዝዓበየ ነገር የለን።ህዝቢ ኤርትራ ንሃገሩ ንምድሓን ኹቡር ዋጋ ዝኸፈለ ህዝቢ እዩ።ንህዝቢ ኤርትራ ድማ እዚ ግበር እዚ ኣይትግበር ዝብሎ ኣካል የለን።መሕወይ ግብሪ 2% ድማ ሓደ ካብ ግዴታ ሃገራዊ ግቡኣት ስለዝኾነ ኩሉ ኣብ ደገ ዝቕመጥ ህዝብና በዘይ ተጉላባነት ሃገራዊ ግባኣቱ ይኸፍል ኣሎ።እንተ እቶም ኣብ እንተርኔት ፓልቶክ ሓሶታት እናማሃዝኩም ትጽሕፉን ትዛረቡን ዕዳ ስለዘለኩም እዩ።ዕዳ ሃገራዊ ግቡኣት፣ ዕዳ ምድማጽ ንናጽነት ኣብ ረፍረንዱም፡ዕዳ ኣብ እዋን ወራር ወያነ ገለ ኣበርክቶ ዘይምግባርኩም፣ ኮታ ጠላማት ብምኳንኩም እትገብርዎ ዓጀው-----------ዓጀው ……………….ጀው ጥራይ……………..

## <u>መንግስቲ ኤርትራ (ህ.ግ.ደ.ፍ) ኣንጻር መሰል ክርስትያን እያ</u>

ኣየ እዚ መንግስቲ ዚ መዓት ወሪድዎ ኣብ ሓደ እዋን ኣንጻር ሃይማኖት ምስልምና ይባሃል ኔሩ፣ ሕጂ ድማ መንግስቲ ኤርትራ ኣንጻር ክርስትያን ክትብልዎ ጀሚሪኩም እንታይ ዘለ ግልብጥ ግልብጥ እዩ።ኣብ ፖሎቲካ ከም ድላይካ ምግልባጥ ኣሎ ዝባሃል ከምዚናትኩም እዩ።እዋን ጀሃድ ምባል ኣብ ዓለማዊ ፖሎቲካ ኣብቂዑ ስለዝኾነ ኣንጻር ምስልምና ዝብል ሽቀጥ ስለዘብቀዐ ሕጂ ኣቕሑ ቤላ ሩባ ተቀይሩ።ክርስትና ዶ ጽንጠ መሰል ኣብ ኤርትራ የብሎምን ክባሃል

ጀሚሩ፣ መንግስቲ ኤርትራ ኣንጻር ዝኮነ ሃይማኖትን እምነትን ኣይኮነን፣ ዝኮነ ኤርትራዊ ዘድልዮ ሃይማኖት ክኣምን ጽቕጢ ዝግበረሉ ዜጋ የለን።ኣንጻር ሃገራዊ ድሕነት ኣንጻር መንግስቲ ዘውጻኦ ኣዋጃት ኢ.ዳ ትእቱ ሃይማኖት ኣየኖት ተኸተልቲ ሃይማኖት ብዘይ ግድስ ብውልቀ ሰባት(እቶም ገበን ዝገበሩ) ተሓተቲ ይኾኑ ካብዚ ተሪፉ ዝኮነ ዜጋ ዘድልዮ ሃይማኖት ክኣምን ይኽእል።ኣንቱም ሕልናን ሓቕን ዘይብልኩም ፧ዝኣረገን ኣብ 40 ታት ክሽየጥ ዝተሓሰበ ሓራጅ ፖሎቲካ ሒዝኩም ምቕራብኩም ዓሻታት ከይንብለኩም ዝተማሃርኩምን ትጽሕፉን ተንቡብን እረ ግሊኩም ሲ ዝተጋደልኩም ስለዚ ንክትሃርምዎ ትደልዩ ዕላማ ክትበጽሑ ኮነ ኢልኩም ትጥቀምሉ መዘናግዒ ቤላ ቤለው እዩ እሞ በጃኹም ማይ ዘይጣዓመ ሓሶት ኣምጽኡ ንሕና ድማ ኣክንዲ ኣንታ ክንደይ ይዕሽው ንብለኩም ኣንታ ክንደይ ይጎርሑ ክንብለኩም።ክንደየናይ ጉርሒ ከይህልዎኩም ጉርሒ እንተዝህልዎኩም ጀነራል መስፍን ኣማረ፣ ተጠንቀቕ ሰጥ በል፣ ሰላም ዕረፍ ከብለኩም ኣይምወዓለን፧ዝኾነ ኾይኑ ምሕረት የኣዝዝ።

## <u>ኣንታ እቶም ጀነራላት ኔርና፣ ገዳይም ኔርና ናይ ሓሶት ስምና ኣለና ንባሃል ኣሰና ንባሃል ዝብልዎ ዓጀው ጀው ከ እንታይ እዩ መበገሲኡ?</u>

ብርጋደር ጀነራል ዘብጸሐ ተሞክሮ ከለካ፣ ንድሕሪት ተመሊስካ ኣብ ትሕተ ሃገራዊ ሰሚዒት ምጭምላቕ እንታይ ጠንቁ፣ እዚ ጠባይ ዚ ሓድሽ ዝተወልደ ድዩ ወይስ ቅድሚ ጀነራል ምኾንኩም እዩ፧እታ ስውራ ክንደይ ዝንቡልን ዝንቡዕን ሒዛ ትጎዝ ሰለዝነበረት ትድንግጸካ፣ ኣንቱም ጀነራል እየ ነይረ ኣነ ገዲም ተጋዳላይ ኔረ ዝፈልጦ ኔሩኒ ትብሉ ኣበይ ወገን ትስርዑ ኔርኩም ኣብ መስርዕ ዝንቡላት ዶ ወይስ ኣብ መሰርዕ ሓፉሽ እስከ ባዕልኩም ምስ ነፍሲኹም ተዛራረቡ።ከምዛ ፖሎቲካዊ ትምህርትን ኣድላይነቱን ትብሉ ዘይነበርኩም ሕጂ ተሓለቅቲ ሃይማኖት ትማሊ ምስ ህዝባዊ ሓይልታት ዓወት ወይ ሞት ትብሉ ከምዘይነበርኩም ሕጂ ህዝባዊ ሓይልታት ኣርሜናዊ ውድብ ኔሩ፣ ብቕድሚ ትማሊ ምስ ህዝባዊ ግንባር ዓወት ንሓፉሽ ትብሉ ከምዘይነበርኩም ሕጂ ንህዝባዊ ግንባር ምስ ወያነ ኮይንኩም ክትምክቱ፣ ትማሊ ምስ ህዝባዊ ግንባር ኮይንኩም ሓድነት ህዝቢ ትብሉ ከምዘይነበርኩም ሕጂ ብሄር እባ ኣውራጃ ክትብሉ ካብ ፈተንኩም እዚ ዝንባሌ ዚ ኣብ ውሽጥኹም ተደጊሉ ዝነበረ ስለዝኮነ፣ እቲ ሕማም ዝሓዊ ኣይመስልን ምክንያቱ ናብ ሕዱር ሕማም ስለዝተቀየረ።ምሕረት የኣዝዝ ኣያ ጀነራል ኣያ ገዲም እንታይ ይገበር ዘይምሕር ቀታሊ ሕማም ሒዝኩም።

ኣይተሓዙለይ ሓጺር መጺር መልሲ እየ ዝህበኩም ዘሎኹ ምክንያቱ እናፈለጥኩም ስለዝገበርኩሞ ሕጽር ዝበለ መልሲ እዩ ኣሕጽር ዘብለኩም።ከምቲ ባዓል ኣያና ኣለና 1ይ ክፉል 2ይ ክፉል ወ.ዘ.ተ እናበለ ዝደረሶ ናይ ጠፈር ለበወለድ ክደርስን ዓጀውጀው ክብል ስለዘይደለኹ።

ካብ ዘለና ንሕና